TARGET

Keep Antibiotics Working

# ምክንኻን – ረኽሲ ስርዓተ ምስትንፋስ(RTI)

NHS

| ዘለካ ሕማም ረኽሲ | መብዛሕትኦም ሕሙማት ባዕሎም ንኽብሮም ብምክንኻን |
|---|---|
| ☐ ማእከላይ ክፋል እዝኒ ሕማም ረኽሲ | 8 መዓልታት |
| ☐ ረኽሲ ቁስሊ ጎሮሮ | ካብ 7-8 መዓልታት |
| ☐ ረኽሲ ሶርና | ካብ 14-21 መዓልታት |
| ☐ ጉንፋዕ | 14 መዓልታት |
| ☐ ምስዓል ወይ ረኽሲ ሻንቢቆ ሳንቡእ | 21 መዓልታት |

## ዝሓውዩ እዮም ከምኡውን ንስድራ ቤትካ

- እኹል ግዜ ዕረፍቲ ይሃልኻ።
- ጽምኢ ንምውጋድ እኹል ፈሳሲ ስተ።
- ነቲ ዘለካ ቃንዛን ምልክታት ሕማማን (ወይ ክልቲኡ) ንኽሕግዘካ ንናይ መድሃኒት ኽኢላኻ ተወከስ።
- ረስኒ ኣካላት ኣብ ግዜ ረኽሲ ኣካላትና ነቲ ዘጋጥሞ ረኽሲ ንኽወግድ ዝቃለሶ ኩነት ስለዝኾነ መብዛሕትኡ ግዜ ባዕልኻ ነብስኻ ብምክንኻን ዝገድፍ ጸገም እዩ። ንስኻ ወይ ውላድካ ረስኒ ወይ ሙቐት ኣካላት ምስ ዝስምዓኩም ፓራሲታሞል ዝተባህለ መድሃኒት ተጠቐሙ።
- እቲ ዘለካ ረኽሲ ናብ ካልኦት ስድራቤትካ፡ የዕርኹትኻ ወይ ካልኦት እትረኽቦም ሰባት መታን ከይማሓላለፍ ናይ ንጽህና ወረቐት ተጠቐም ከምኡ ድማ ኢድካ ምሕጻብ ኣዘውትር።
- ሓኪምካ ወይ ኣላይትካ ካልኦት ንክትገብሮም ዝመኸርኻ ነገራት:

........................................................................

........................................................................

........................................................................

........................................................................

**ኮቪድ-19 ዘለኩም እንተመሲልኩም፣ እቲ ናይ ቀረባ እዋን መምርሕን ሓበሬታን ንምርካብ ናብ ናይ GOV.UK ናይ ኮሮናቫይረስ ክፋል ከምኡ`ውን ናብ NHS ኪዱ።**

## ሓገዝ ኣበይ ቦታ ከምእትረክብ

**እዞም ቀጺሎም ዝስዕቡ ተኽእሎታት ናይ ኣዝዮም ሓደገኛ ሕማማት ተርእዮ ምልክታት ክኾኑ ስለዝኽእሉ ብህጹጽ ክግምገሙ ኣለዎም:**

1. ቆርበትካ እንተዝሒሉ ወይ ዘይልሙድ ሕብሪ እንተ ኣርእዩ፡ ወይ ዘይንቡር ናይ ቆርበት ዕንፍሩራት ምስ እተማዕብል።
2. ናይ ምድንጋር ስምዒት ምስ ዝስምዓካ ወይ ልሙድ ኣዘራርባኻ ምስ ዝጽይፍ ወይ ምስ እትዳኸም።
3. ናይ ምስትንፋስ ጸገም ምስ ዝህልወካ። ምልክታት ጸገም ምስትንፋስ እዞም ዝስዕቡ የመልክቱ:
    - ቁልጡፍን ሓጺርን ምስትንፋስ
    - ኣብ ከባቢ ከናፍርን ኣብ ትሕቲ ኣፍን ናብ ሰማዊ ሕብሪ ገጹ ምቕያር
    - ኣብ ግዜ ምስትፋስ ኣብ ልዕልን ኣብ መንጎን መሰናግለ ዘሎ ቆርበት ንውሽጢ ክጥሕልን ንግዳም ክድፋእ ክሎን
4. ብርቱዕ ዝኾነ ቃንዛ ርእሲ ምስ ዝስምዓካን ምስ እትሓምምን
5. ቃንዛ ከባቢ ኣፍልቢ ምስ እተማዕብልን
6. ናይ ምውሓጥ ጸገ ምስ ዝህልወካን ለዘዝ ምስ ዘብለካን።
7. ከስዕለካ ከሎ ምስ ዓኽታኻ ደም እንተተራእዩን።
8. ኣዝዩ እናበርትዓካ ምስ ዝኸይድን።

**ንስኻ ወይ ውላድካ ገለካብዞም ምልክታት እዚኣቶም እንተኣርኢኹም፡ ሓሚምኩም ኣለኹም ወይ ውን ካብ ዝመስለኩም ንላዕሊ እንዳበርትዓኩም ከይዱ ኣሎ። (ወላውን /ምቕት ኣካላትኩም ትሕት እንተበለ)፡ ልሙድ ምስትውዓልኩም ሓሊኹም ብህጹጽ ካብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ጥዕና (NHS 111) ወይ ካብ ሓፈሻዊ ሓኪምኩም ምኽሪ ርኸቡ። ዝኾነ ትሕቲ 5 ዓመት ዕድመ ዘለዎ ቆልዓ ካብ ቁጽሪ 1–3 ተጠቒሶም ዘለዉ ምልክታት ሕማማት ምስ ዘርኢ ብህጹጽ ናብ A&E ኪዱ ወይ ድማ ብቑጽሪ 999 ደውሉ።**

**ክሳዕ ኣብቲ ዝቕጽል ቆጸራኹም ከብጽሕ ዝክእል ምልክታት ሕማማት ዝምልከት:**

9. ኣብዚ ናይ 'ዝበዝሖ ዝማሓየሸሉ' ዓምዲ ኣብ ውሽጢ ተዋሂቡ ዘሎ ናይ ግዜ ገደብ ምምሕያሽ እንተዘይኣርኢኹም።
10. ኣብ ናይ ማእከላይ እዝኒ ረኽሲ ዘለዎም ቆልዑ: ካብ ውሽጢ እዝኖም ፈሳሲ ምስ ዝወጽእ ወይ ሓድሽ ምልክት ምጽማም ምስ ዘርእዩ።
11. ፍኹስ ዝበለ ጎድናዊ ሳዕቤናት ከም ተቕማጥ፡ ከምኣድላይነቱ ሕክምናዊ ኣተኹሮ ንምርካብ ሕተት።
12. ካልእ........................................................................................................................

ድሕሪ ገለ መዓልታት ቁሩብ ምምሕያሽ ምስ ዘይተርእን ምስ ዝብርትዓካን ተታሒዞም ንክጽንሑ ዝእዘዙ ጸረ ረኽሲ መድሃኒታት። ☐

ካብዚ ዝስዕብ ቦታ ክትረኽቦም ትኽእል: ☐ ቤት መሸጣ መድሃኒት ☐ ናይ ሓፈሻዊ ሕክምና መውሃብ ሓበሬታ ☐ ሓፈሻዊ ሓኪም፡ ኣላይት ሕሙማት፡ ካልኦትን

- ጉንፋዕ፡ ዝበዝሑ ሰዓላት፡ ረኽሲ ሰርኖ፡ ረኽሲ እዝኒ፡ ረኽሲ ጎሮሮ፡ ከምኡውን ካልኦት ረኽስታት ኣካላትካ ባዕሉ ስለዝቃለሶም ዝበዝሕ ግዜ ብዘይ ናይ ረኽሲ መድሃኒት ዝሓውዩ እዮም።
- መድሃኒታት ጸረ ረኽሲ ምውሳድ ነቶም ኣብ ኣካላትካ ዝርከቡ ባክተርያ ተጻወርቲ ንኽኾኑ የባራትዖም እዩ። እዚ ማለት ከኣ ጸረ ረኽሲ መድሃኒታት ከድልዩኻ ከለዉ ዘይሰርሑ ይኾኑ።
- ጸረ ረኽሲ መድሓኒታት ጎድናዊ ሳዕቤናት ከምብዓል ዕንፉሩራት ቆርበት፡ ምጉሊ ዘለዎ ቁስሊ፡ ቃንዛ ከስዐን፡ ተቕማጥ፡ ከምኡውን ብርሃን ጸሓይ ምጽላእ ዝፈጥሮ ቁስሊ ቆርበት፡ ካልኦት ምልክታት ሕማም፡ ወይ ኣልኮላዊ መስተ ምስ ሜትሮንዳዞል ዝበሃል መድሃኒት ብምውሳድ እንተሓሚምካ ዝፍጠር ማለት እዩ።
- ንጸረ ረኽሲ መድሃኒታት ከመይ ጌርካ ከም እትጥቀመሎምን ነዚ ኣገዳሲ ሕክምና እዚ ኣድማዒ ንኽኸውን ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ሓገዝ ንምርካብ ጸዓር www.nhs.uk/keepantibioticsworking

**ምስ ዝኾነ ሰብ ጸረ ረኽሲ መድሃኒታት ኣይትማቐል ከምኡውን ዘይተጠቐምካሎም መድሃኒታት መታን ብጥንቃቐ ክጉሓፉ ናብ ቤት መሸጣ ድሃኒት ለሶም።**

Keep Antibiotics Working

TARGET is operated by the UK Health Security Agency. Developed in collaboration with professional medical bodies. Version 9.7. Published: Nov 2017, Review: Nov 2021. KAW18-07 © Crown copyright 2018.